Tieto Education

## መደባት-ቈልዓ ንምምዝጋብ ትየቶ ኤዱኬሽን ዝጥቀመሉ ሓዲሽ ናይ ሞቢል ኣፕ

ቦርሌንገ ኮሙን ካብ ዕለት 3 ታሕሳስ ጀሚሩ መደባት-ቈልዓ ንምምዝጋብ ሓዲሽ መስርሕ ከተኣታቱ'ዩ። እቲ ክሳብ ሕጂ ብዌብ ክካየድ ዝጸንሐ ብሞቢል ኣፕ ክትካእ እዩ። እዚ ኣፕ ትየቶ ኤዱ(Tieto Edu) ዝበሃል ኮይኑ ኣብ ኣፕ-ስቶርን ጉጉል-ፕለይን ኣሎ።

እቶም ሞቢል ወይ ኣይፓድ ዘይብልኩም ኮምፒተር ክትጥቀሙ ትኽእሉ ኢኹም። እንተኾነ ግን እቲ ብሞቢልን ኣይፓድን ዝርከብ ቅጽበታዊ መዘኻኸርታ ክሓልፈኩም'ዩ።

ኣብ'ቲ ኣፕ ነፍሲ ወከፍ ሰሙናዊ መደብ ይምዝገብ። ሓንቲ ዝመዝገብኩማ ሰሙናዊት መደብ ናብ ካልኦት ሳምንትታት ክትቀድሕዋ ትኽእሉ ኢኹም። እተን ቅዳሕ ዝቕበላ ሳምንትታት ክምረጻ ኣለወን።






እቶም ሞግዚታት(ወለድቲ) ኣብ ዝተፈላለየ ቦታታት ዝነብሩ እንተኾይኖም፣ እቲ ቈልዓ ምስኦም ኣብ ዝህልወሉ እዋን መደብ ናይ’ቲ ቈልዓ ይምዝግቡ። እቲ ቈልዓ ምስ’ቲ ካልኣይ ወላዲ እንተኣሎ ድማ፣ ናይ’ቲ ካልኣይ ወላዲ መደብ ክርእዩዎ ይኽእሉ።




ኣብ’ቲ ኣፕ ናይ 20 ሳምንትታት መደባት ክምዝገብ ይከኣል’ዩ። እቲ መደብ ንኸውዳእ 28 መዓልትታት ኣብ ዝተርፈሉ እዋን ንሞዝግዚት(ወላዲ) መዘኻኸርታ ይለኣኸሉ። 14፣ 7፣ 3፣ 2ን 1ን መዓልታታት ኣብ ዝተርፈሉ እዋናት’ውን፣ ክሳብ ሓዲሽ መደብ ዝምዝገብ መዘኻኸርታ ይለኣኽ እዩ።

ድሮ ዝሰርሐ መደብ እንተለኩም ግን፣ ከም በሓዲሽ ኣብ ኣፕ ምውጻእ ኣየድልየኩምን እዩ። እንትምንታይሲ፣ እቲ ድሮ ዝሰርሐ (ዘገልግል) ዘሎ መደብ ክሳብ ዘይተቐየረ፣ እቲ መደብ ቀጻሊ ስለዝኾነ።